Barne-, ungdoms- og familiedirektoratet

# ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ

ንጽቡቕ ናይ ቈልዑ



# ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ኖርወይ

ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፤ ቈልዑ፡ መንእሰያትን ስድራ ቤታትን ኣብ ገዛኦም ጸገማት ኣብ ዘጋጥም ሓገዝን ደገፍን ንምሃብ፡ ወይ ድማ ቈልዑ ብካልእ ምኽንያት (ከም ኣብነት ናይ ጠባይ ምቅይያር ወይ ድማ ናይ ወልፊ ግዙኣት ምዃን ዝኣመሰለ ጸገማት ኣብ ዘጓንፎም እዋን) ሓገዝ ክገብረሎም እዩ። ወለዲ ንደቆም ናይ ምንባይን ምእላይን ሓላፍነት ኣሎዎም። እንተኾነ፡ ወለዲ ሽግር እንተ ኣልዩዎም ወይ ጻዕሪ ምስ ዝኸብዶም ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፡ መንእሰያትን ቈልዑን እቲ ዝግብኦም ክንክን መታን ክረኽቡ ሓገዝ ክህብ እዩ።

ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፡ ንጥዕናኦምን ምዕባለኦምን ክጐድእ ኣብ ዝኽእል ኵነታት ዝነብሩ ቈልዑን መንእሰያትን ኣብቲ ዝድለየሉ ግዜ ኣድላዪ ሓገዝ ክረኽቡን ኣብ ሓደ ውሑስ፡ ዘተኣማምንን ሓልዮት ዝመልኦን ሃዋህዉ ዝዓብዩሉ ኵነታት ንምፍጣር ኣበርክቶኡ የዕዝዝ።

## ንጽቡቕ ናይ ቈልዑ

ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ንሰናይ ናይ ቈልዑ ዝነቐለ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ግን ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ርእይቶ ናይ ወለዲ ክጋጮ ይኽእል ይኸውን። ብቐዳምነት ዝስራዕ ዕማም ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፡ ወለዲ ንደቆም ባዕላቶም ጽቡቕ ምንባይ መታን ክገብሩሎም ሓገዝን ደገፍን ምሃብ'ዩ። እዚ ሓገዝ'ዚ እኹል ኮይኑ እንተ ዘይተረኺቡ ወይ ከኣ እቲ ናይ ወለዲ ጸገም ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ እንተኾይኑ፡ እቶም ቈልዑ ንሕጽር ወይ ንነዊሕ ዝበለ ግዜ ካብ ገዛኦም ወጻኢ ዝውገኑሉ ኵነታት ከም ኣማራጺ ክውሰድ ይኽእል።

# ጸገም ኣሎና፡ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክሕግዝ ይኽእልዶ?

ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝተፈላለየ ኵነታት ህይወቱ ንደቁ ምእላይ ኣብ ዝምልከት ሓገዝ ዝደልየሉ ኵነታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኵነታት፡ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ነቲ ስድራ ቤት ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ኣሎዎ።

ብዙሓት ሰባት፡ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ውላድና ክወስዱልና እዮም ካብ ዝብል ስግኣት ምስ ኣገግሎት ድሕነት ቈልዑ ክራኸቡ ይፈርሑ። ደቅኻ ናይ ምንባይ ሓላፍነት ምሕዳግ ንቈልዑ ይኹን ንወለዲ ከቢድ ነገር እዩ። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድ ኣዝዩ ብቑዕ ምኽንያት ክህሉ ኣለዎ።

ናይ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ሓገዝ ኣብ ዘድልየኩም እዋን ናብቲ ትነብሩሉ ኮሙነ/ምምሕዳር ብምድዋል ቈጸራ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ዝካየድ ኣኼባ ድማ ምስ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ብሓባር ብምምይያጥ ብዛዕባ እቲ ንስድራቤትኩም ዘድሊ ሓገዝን እንታይ ምዃኑ መጽናዕቲ ክተካይዱ ትኽእሉ።

መብዛሕትኦም ኣቶም ካብ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ሓገዝ ዝግበረሎም፡ መታን ቈልዓን/ቈልዑን ወለድን ብሓባር ኲዩኖም ክነብሩ እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ኣብ ገዝኦም እዩ ዝኸውን። እዚ ናይ ሓገዝ ስጉምቲ ኢልና እንጽውዖ፡ ከም ኣብነት ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል፡

- ምኽርን መምርሕን ንስድራ ቤት
- ናይ ወለዲ ጉጅለ
- ሓገዝ ኣብ ዘድልየሉ ግዜ ክትራኸቦ ትኽእል ሰብ
- ገንዘባዊ ሓገዝ ንመዋእለ ሕጻናት
- ገንዘባዊ ሓገዝ ንናይ ድሕረ ትምህርቲ/ መጽንሒ ቈልዑ (SFO/AKS)
- ገንዘባዊ ሓገዝ ንናይ ናጻ ግዜ ንጥፈታት ወይ ካልእ ነገራት
- ኣብ ቀዳመ ሰንበት መብረ ንወለዲ/ንሓጺር ግዜ ንቈልዓ ዝሕዙ ስድራ ቤት



ከምኡ'ውን ካብ ቤት ጽሕፈት ስድራ ቤት ሓገዝ ክሕተት ይከኣል እዩ።

ኣብኡ፡ ስድራ ቤታት ምኽሪ ክረኽቡን ብዛዕባ መዓልታዊ ሽግራትን ኣብ ስድራቤት ጸገማት ክጋጥም ከሎ፡ ከምኡ'ውን ግርጭታት ወይ ቅልውላው ኣብ ዘጋጥሞም ግዜ ክዛረቡ ይኽእሉ እዮም።



ኣብ 2012 ዓመተ ምህረት፡ 40 ሚእታዊት ናይቶም ቈልዑ ካብ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ሓገዝ ዝረኸቡ፡ ከምኡ’ውን ሓበሬታን ምኽርን ክረኽቡ ክኢሎም። 20 ሚእታዊት ግዝያዊ መጽንሒ ስድራ ቤት (besøkshjem) ተገይሩሎም። 19 ሚእታዊት ካብቶም ቈልዑ ድማ ገንዘባዊ ሓገዝ ረኺቦም። ልዕሊ 80 ሚእታዊት ካብ ኩላቶም እቶም ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ዝነጥፈሎም ቈልዑ፡ ኣብ ገዛ ሓገዝ ክግበረሎም ፍቓደኛታት እዮም። (ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ስታቲስቲክስ SSB)

## ብዛዕባ ሓደ ዝፈልጦ ቈልዓ ተሻቒለ ኣለኹ። ንኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክራኸቦም ይግብኣኒዶ?

ከም ኣደ ወይ ኣቦ ምስ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክትራኸቡ ክትሰግኡ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ቤተሰብ፡ ጎረቤት፡ መምህር ወይ ተመሳሳሊ ምናልባት ኣብ ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ምእታው ዘይምትእምማን/ስክፍታ ክስምዓኩም ይኽእል እዩ።

ሓደ ሰብ ምስ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክራኸብ ስጉምቲ እንተ ዘይወሲዱ እቲ ቈልዓን እቶም ወለድን ነቲ ዘድልዮም ሓገዝ ናይ ዘይምርካብ ሳዕቤን የኸትል - እቲ ሕጊ ዝፈቕደሎም መሰል ማለት እዩ።

ኣብ ከባቢኹም ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክትረኽቡዎም ክትፈርሑ የብልኩምን። ቴለፎን ደዊልኩም ብዛዕባ እቲ ጸገም/ሻቕሎትኩም ሓብሩ። ኣብ ኣገልግሎት ድሕነት ዝርከብ ሞያዊ ክኢላ ድማ ብዛዕባ ክትገብሩዎ ዘለኩም ነገራትን እቲ ትካል ብኸመይ መንገዲ ክተሓጋገዘኩም ይኽእል ብዛዕባ’ቲ ኣሻቒሉኩም ዘሎ ጉዳይ እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡ ብርክት ዘበለ ሃናጺ ምኽርን ሓበሬታን ክህበኩም ይኽእል።

ምስ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ምርኻብ ዘሰክፍ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ፡ ኣማኻሪ ማሕበራዊ ጉዳይ ወይ ኣላዪ/ኣላዪት ሕሙማት፡ ወይ ሓደ ኣማኻሪ ወይ ካልኦት ዓበይቲ ሰባት ክተሓጋገዙኻ/ክተሓጋገዙኺ ይኽእሉ።

### ናብ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ እንተ ደዊለ ስመይ ክዕቀብ ይኽእል ድዩ?

- ምስ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክትራኸቡ ከለኹም ስምኩም ክትህቡ እንተ ዘይደሊኹም ከም ምርጫኹም እዩ።
- ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ክትሕብሩ ከለኹም መንነትኩም ከይፍለጥ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም፡ ማለት ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ይኹኑ እቶም ወለዲ መንነት ናይ ዝሓበረ ሰብ ክፈልጡ ኣይክእሉን እዮም። ኣብዚ ክተሰተውዕለሉ ዘለኩም ግን እቶም ወለዲ ነቲ ዝመጽአ ሓበሬታ ኣብ ጽሑፍ ክርእዩዎ ስለ ዝኾኑ፡ እሞ ከም ኣብነት ሓትኖ ናይቲ ቈልዓ ምዃንክን እንተ ጠቒስክን ኣብቲ ጽሑፍ መንነትክን ምፍላጥ ቀሊል ይኸውን።
- መንነትኩም ስቱር ክኸውን እንተ ዘይመሪጽኩም እቶም ወለዲ ነቲ ጉዳይ ናብ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ዘብጽሐ ሰብ መን ከም ዝኾነ ናይ ግድን ክፈልጡ እዮም።

## ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፡ ንቈልዓ ወይ ስድራ ቤት ዝምልከት ናይ ሻቕሎት መልእኽቲ ኣብ ዝቕበሉሉ እዋን ብኸመይ ኣገባብ ይከታተሉዎ?

ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፡ ብዙሕ ግዜ 'ሓደ ቈልዓ ወይ ስድራ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት የለዉን' ዝብል መልእኽቲ ብቴለፎን ወይ ብጻብጻቤ ይቕበል እዩ። እዚ ናይ ሻቕሎት መልእኽቲ ንብሎ። ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ናይ ሻቕሎት መልእኽቲ ክከታተሎን ተወሳኺ መጽናዕቲ ምግባር ዘድልዮ እንተኾይኑ ክረጋገጽን ግዴታ ኣለዎ።

ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ መርመራ ከበግስ ብቑዕ ምኽንያት እንተ ረኺቡ ነቶም ምልክታ ዝለኣኹ ሰባት ኣብ መጀመርታ ተራኺቡ ብዛዕባ ድሕረ ባይታ ናይቲ ናይ ሻቕሎት መልእኽቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ክሓትት ይኽእል እዩ።

ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ እንደገና ምስ ዝሓበሩ ምርኻብ ኣየድልዮን እዩ። ብቐጥታ ምስ ወለዲ ናይቲ ቈልዓ ብምርኻብ ግን ነቲ ጉዳይ ኣብ ምምርማር ይኣቱ። ሽዑ እቶም ወለዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክመጽኡ ይጽውዖም ወይ ከኣ ናብ ገዛኦም ከይዱ ይረኽቦም። ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ንወለዲ ናብ ገዛኦም መጺኡ ክረኽቦም እንተ ወሲኑ ብዛዕባ'ዚ ኣቐዲሙ ከም ዝመጽኡ ብደብዳቤ መልእኽቲ ይሰደሎም።

ወለዲ ምስ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ምስ ተራኸቡ ብዛዕባ እቲ ናይ ሻቕሎት መልእኽቲ ሓበሬታ ይወሃቦም። መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ መልእኽቲ ባዕላቶም የንብቡዎ። ብዛዕባ እቲ ናይ ሻቕሎት መልእኽቲ ሓበሬታ ምስ ተዋህበ፡ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ድሕነት ቀልዑን እቲ ዝምልከቶ ስድራ ቤትን ነቲ ዝተጻሕፈ መልእኽቲ ይዛተዩሉ። ዝበዝሕ ግዜ፡ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ነቲ ቈልዓን ነቲ ስድራ ቤትን ብቐረባ ዝፈልጡዎም፡ ከም ኣብነት መደበር ክንክን ጥዕና፡ መዋእለ ሕጻናት፡ ቤትትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ስነ ኣእምሮን ስነ ምምህርናን/PP-tjeneste ወዘተ የዘራርብ እዩ።

ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፡ መጽናዕቲ ብምኽያድ እቲ ጉዳይ ቀጻሊ ምክትታል ከም ዘድልዮን ዘየድልዮን ይግምግም።



## መሰላት ወለድን ምግዚታትን

ወለዲ፣ ውላዶም ምስኦም ዝነብር ወይ ድማ ቈልዑ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ዘሎዎም ወለዲ ኩላቶም ብኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ከም ሰብ ጉዳይ እዮም ዝረኣዩ። በዓል ጉዳይ እንተ ኼንካ፡

- ነቲ ጉዳይ ዝምልከት ሰነዳት ናይ ምርኣይ መሰል ኣሎካ።
- ንኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ውሳኔ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣሎካ።
- ናይ ቈልዑ ጉዳይ ዝርኢ ቦርድ (Fylkesnemda) ኣብ ዘካዩዶ መጋባእያ ተረኺብካ ርእይቶኻ ክተስምዕ ናይ ምኽኣል መሰል ኣሎካ።
- ኣብ ጉዳያት ቈልዑ ጉዳይ ዝርኢ ቦርድ ይኹን ኣብ ቤት ፍርዲ ጠብቃ ብነጻ ምርካብ መሰል ኣሎካ።
- ኣብ ጉዳያት ቈልዑ ዝርኢ ቦርድ ዝወሰኖም ውሳኔ ናብ ቤት ፍርድታት ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣሎካ።
- ምሕዳግ ቈልዑ ብዝምልከት ዝተዋህበ ብይን ንኽንጻግ ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል ኣሎካ።



# ውዕል ሕቡራት ሃገራት ዓለም ብዛዕባ መሰል ቈልዑ

እቲ ውዕል፡ ኩላቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት ቈልዑ ከም ዝኾኑን፡ ንመሰል ቈልዑ ኣብ ዝምልከት ውዕል ድማ እቱዋት ከም ዝኾኑ የረጋግጽ።

**መሰላት ቈልዓ:**

- ኩላቶም ቈልዑ ናጻ ኲይኖም ከም ዝተወልዱን ማዕረን እዮም።
- ኩላቶም ቀልዑ ዜግነትን ክህልዎም መሰል ኣሎዎም።
- ኩላቶም ቈልዑ ናይ ዑቐባ/ውሕስነት መሰል ኣለዎም።
- ኩላቶም ቈልዑ እቲ ዝበለጸ ሕክምናዊ ክንክን ከምኡ'ውን እኹል ምግብን ዝስተ ነገርን ክረኽቡ መሰል ኣሎዎም።
- ኩላቶም ቈልዑ ክስምዑን ኣብ ግምት ክኣትዉን መሰል ኣሎዎም።
- ኩላቶም ቈልዑ ናብ ትምህርቲ ምኻድ መሰል ኣሎዎም።
- ኩላቶም ቈልዑ ናይ ምጽዋት፡ ምዝንጋዕን ናይ ምዕራፍን መሰል ኣሎዎም።
- ኩላቶም ቈልዑ ማዕረ መሰላት ኣሎዎም።

---

## ምስ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ብኸመይ ክራኸብ እኽእል?

**ደብዳቤ ብምልኣኽ**

ብመንገዲ ኣገልግሎት ጾስጣ ደብዳቤ ብምልኣኽ ሓገዝ ከም እትደልዩ ክትገልጹሎምን ምስኣቶም ቈጸራ ክትገብሩ ከም እትደልዩ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ሓደ ቈልዓ ሻቕሎት ኣንተ ኣልዩኩም ብቤት ጾስጣ ደብዳቤ ክትሰዱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ደብዳቤ እቲ ጸገም እንታይ ከም ዝኾነ፡ ንመን ከም ዝምልከት፡ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ድማ ነቲ ዝብሃል ዘሎ ሰብ ብኸመይ ክረኽቡዎ ከም ዝኽእሉን ከተስፍሩ ኣለኩም።

**ምድዋል (ቴሌፎን)**

ኣብቲ እቲ ቈልዓ/መንእሰይ ዝነብሩሉ ኮሙነ/ምምሕዳር ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ሓደ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ብምዝርራብ ድማ ብዛዕባ እቲ ዘሻቕለኩም ዘሎ ጉዳይ ክትሕብሩ ትኽእሉ። ሽዑ እንታይ ክትገንብሩ ከም ዘለኩም ምኽርን ሓበሬታን ትረኽቡ። መንነትኩም ስቱር ክኸውን ይከኣል እዩ።

**ምርኻብ**

ንምርኻብ ቈጸራ ሓዙ። ብዙሓት ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ፡ ንምኽርን ሓበሬታ ክኸውን ኢሎም ዝመደቡዎ ናይ ርክብ ግዜ ኣሎዎም። ስለዚ፡ ክትራኸቡ እንተ ደሊኹም ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ብምድዋል ምሳኹም ክራኸቡ ግዜ ኣሎዎም እንተኾይኑ ክትሓቱ ትኽእሉ። ኣብቲ ከምዚ ርክባት ድማ ብዛዕባ እቲ ዘሻቕለኩም ዘሎ ጉዳይ ክትዘራረቡ ትኽእሉ፡ ከም ኡውን ምኽርን ሓበሬታን ክትረኽቡ ትኽእሉ። ዝተሓጋገዘኩም ሰብ ክሰንየኩም ውን ይከኣል እዩ።

---

ተርጓማይ ዘድልየኩም እንተኾይኑ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

---

ምኽሪ ንስድራ ቤት

ከም ልሙድ ኣብ ጉዳይ ቈልዑ፡ ነቲ ቈልዓ ብዝምልከት ዝውስን ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ እዩ።

ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት ዝርከቡ ስድራ ቤታት ናይ ስድራ ቤት ምኽሪ ኣኼባ ክግበረሎም ይከኣል እዩ። ናይ ስድራ ቤት ምኽሪ ዝብሃል፡ ናይቲ ቈልዓ ቤትሰብን ካልኦት ጽቡቕ ዝቐርቡዎን ተኣኪቦም ዝዛተዩሉ ኣኼባ እዩ። ሽዑ እቶም ናይ ቀረባ ቤተሰብ፡ ናይታ ስድራ ቤት ይኹን ናይቲ ቈልዓ ዝመሓየሸሉ ኩነታት ድሕሪ ምምኽኻር ብዛዕባ ዝበጽሑዎ መደምደምታ ምስ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ይዛተዩሉ።

---

እንተ ደኣ ንዘሰንብድ ወይ ደስ ንዘየብል ኩነታት ወይ ፍጻሜ ተቓሊዕካ፡ ወይ ከኣ ንስኻ ወይ ንስኺ ካልኦት ትፈልጦም/ትፈልጥዮም ኣብ ስድራቤት ጸገም ዘጋጥሞም ኣሎ ኮይኑ፡ ምስ ተረኛ ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ኣገግሎት ድሕነት ቈልዑ ተራኸብ/ተራኸቢ ወይ ድማ ኣብ ህጹጽ ቴለፎን **116 111** ደውል/ደውሊ።

dinamo / ILLUSTRASJONSFOTO: TINE POPPE

Barne-, ungdoms- og familiedirektoratet

**ናይ ጶስታ መልእኺ ኣድራሻ፡**
Postboks 2233
3103 Tønsberg

**ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፡**
Stensberggaten 27
0170 Oslo

**bufdir.no**